# ልኡኽ ሰ.ህ.ኤን ሰ.ዲ.ኤን ኣብ ሆላንድ ህዝባዊ ኣኼባ ኣካይዶም

**ሓባራዊ ዜናዊ ሽማግለ**
**ሰ.ዲ.ኤን ሰ.ህ.ኤን**
**08.06.2009**

ሓባራዊ ልኡኽ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ኣብ ሆላንድ ዘካየዶ ወግዓዊ ብጽሖት ድሕሪ ምዝዛሙ፣ ብዕለት 6 ሰነ 2009 ኣብ ሆላንድ ናይ ዝርከቡ ተቓወምቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ ኣኼባ ኣካይዱ።

ኣብ'ዚ ኣኼባ'ዚ ዝተሳተፉ ኣባላት'ቲ ሓባራዊ ልኡኽ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፤ ብጻይ ረዘነ ተስፋጽዮን፡ ሓላፊ ክፍሊ ዜና ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ፤ ብጻይ ተስፋይ ወልደሚካኤል (ደጊጋ)፡ ምኽትል ኣቦ መንበርን ሓላፊ ክፍሊ ኣህጉራዊ ዝምድናታትን፤ ብጻይ መሓሪ ተስፋማርያም፡ ሓላፊ ምሕዝነት ቀይሕ መስቀልን ወርሕን ኤርትራ ኢዮም ነይሮም።

ኣብ መእተዊ ናይ'ቲ ኣኼባ፡ ኣቦ መንበር ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብዛዕባ ዕላማ ናይ'ቲ ዑደት፡ ህልዊ ኩነታት ሃገርና፡ህልዊ ኩነታት ደምበ ተቓውሞ፡ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ኣብ መንጎ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ምንቅስቓስ ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ ኤርትራ-ጋሽ ሰቲትን፤ ከምኡ ውን፡ ኣብ መንጎ ሰልፊ ህዝብን ሰልፊ ዲሞክራስን ኤርትራ ዝቕጽል ዘሎ መስርሕ ናይ ሓድነት ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቡ።



ካብ ጸጋም ናብ የማን፡ ተስፋይ ወልደሚካኤል፡ ወልደሱስ ዓማር፡ ረዘነ ተስፋጽዮን፡ መሓሪ ተስፋማርያም

እቶም ካልኦት ኣባላት'ቲ ሓባራዊ ልኡኽ ድማ በብተራ፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ኤርትራ ዝዝንቢ ዘሎ ናይ ጥሜት ሓደጋን ብዛዕባ ዋሕዚ ማእለያ ዘይብሎም መንእሰያት ናብ ስደትን ኣመልኪቶም፡ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ቅኑዕ ተገንዝቦ መታን ክህልዎ ጽዑቕ ጉስጓስ ምግባር ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ምዃኑ

ኣስሚሮምሉ። እዘን ክልተ ጉዳያት እዚኣተን ንህላወ ሃገርን ህዝብን ኤርትራ ንሓደጋ ኣቃሊዐንኦ ዘለዋ ተወሰኽቲ ጸገማት ምዃነንን፡ ነብስወከፍ ኤርትራዊ ዜጋን ፈተውትና ዝኾኑ ወጻእተኛታትን ነዚ ጉዳይ'ዚ ብኣድማዒ ኣገባብ ክጉስጉስሉ ከምዝግባእ ኣዘኻኺሮም። ሓባራዊ ልኡኽ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን፡ ነዚ ጸገም'ዚ ንምግላጽ፡ ንካልኣይ ግዜኡ ኣብ ሆላንድ ዑደት የካይድ ምህላዉን፣ ከምኡ ውን፡ ነዚ ጸገም'ዚ ንምቅላል፡ ብደረጃ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ዘድሊ ቆላሕታ ንኽግበረሉ፡ ንመንግስቲ ሆላንድ ተበግሶ ክወስድ ዝጽውዕ መዘክር ኣቕሪቡ ምንባሩ ኣብ'ቲ ኣኼባ ተሓቢሩ።

ኣባላት'ቲ ሓባራዊ ልኡኽ፡ ብዛዕባ ህልዊ ኩነታት ኤርትራ ኣመልኪቶም፡ ኣዝዩ ሕማቕ ምዃኑን፣ መብዛሕትኡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ'ቲ ስርዓት ዝነበሮ እምነት ከምጸንቀቐን፣ ካብ'ዚ ገሃነም እሳታዊ መነባብሮ ንምልቓቕ ፋሕተርተር ክብል ጀሚሩ ምህላውን በብተራ ገሊጾም። ከምኡ ውን፡ ኣብ ግዳም ዝርከቡ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራን ሲቪላውያን ማሕበራትን፡ ነብሶም ንምሕያል ዘኽእሎም ምጥርናፋት ክገብሩ ምጅማሮምን፤ እዚ ብተራኡ፡ ነቲ ምእንቲ ለውጥን ዲሞክራስን ዝካየድ ዘሎ ቃልስታት ተወሳኺ ድርኺት ክገብረሉ ምዃኑን ጠቒሶም።




ብድሕር'ዚ፡ ምስ'ቶም ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዝኸይድ ዘሎ መስርሕ ናይ ሓድነትን፣ ንኪዳን ከም ሃገራዊ ጽላል ንምሕያልን ዘገድሶም ኣኼበኛታት ንብዙሕ ሰዓታት ዝቐጸለ ምይይጥ ተኻየደ። ኣኼበኛታት፡ ሓደ ድሕሪ'ቲ ካልእ እናተስኡ፡ ህይወት ዘለዎ፡ ንቅድመ ስርዓት ህግደፍን ድሕሪኡን ዝኸውን ኣድማዒ ስትራተጂ ዘውንን፡ ሃገራዊ ምሕዝነት ወይ ኪዳን ንምፍጣር፣ ህይወት ዘለወን ሰልፍታትን ግንባራትን ምምስራት ኣድላዪነቱ ዕዙዝ ምዃኑ ገለጹ። ከምኡ ውን፡ ዝሰርሕ ሃገራዊ ጽላል ንምቛም፡ ሃገራዊ ዋዕላ መእተዊ ማዕጾ ክኸውን ከምዝኽእል፣ ግን ከኣ፡ ዝተኸፋፈለ ናይ ተቓውሞ ሓይልታት ዘካይዶ ሃገራዊ ዋዕላ ዕዉት ንክኸውን ብዙሕ ጥንቃቐ፡ መካኒዝምን መጽናዕትን ከምዘድልዮ ኣሚቶም።